ParMi
soutien jeunes migrant-e-s Fribourg

# ባልግነት ምስ ፓርሚ

**Die Patenschaft ባልግነት**

- ምስ ኣብ ካንቶን ፍሪቡርግ ዝነብር ሰብ ዝግበር ሌላን ርክብን ኢዩ።
  - ከም ዝድግፈና ዓርኪ ወይ መሓዛ ክኾነና
  - ኣብ ካሪታስ Caritas ወይ ኦ ኣር ኤስ ORS ዝሰርሕ ሰብ ኣይኮነን
  - ዕላማኡ ከኣ ንኣምኖ ሰብ ኽኸውን ኣለዎ
  - ብፈረንሳ ንምዝርራብ ይሕግዝ።
- ምስ ሓደ ሰብ ወይ ምስ ስድራቤት ክኸውን ይኽእል
  - Une marraine ኣባልገ = ጓል ኣንስተይቲ
  - Un parrain ኣባልገ = ወዲ ተባዕታይ
- እዞም ርክባት ክልተ ግዜ ኣብ ወርሒ ይካየዱ
- ሓቢርና ንጥፈታት ከነካይድ ንኽእል
- ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ሓገዝ የበርኽቱ
  - እዞም ኣባልገታት ንዓና ኽሕግዙ ስለዝደልዩ፡ ከይተሰከፍና ሓገዝ ክንሓትት ኣለና።
  - ንዓኦምውን ሓድሽ ባህሊ ንኽላለዩ ስለ ዝሕግዞም፡ ናይ ክልተ ባህሊ ምልውዋጥ ይፈጥር፡ ስለዚ እቲ መኽሰብ ብኽልቲኡ ወገን ኢዩ።
  - ሕቶ ምሕታት ስነስርዓት ዝጎደሎ ነገር ከመስል የብሉን። በንጻሩ ተገዳስነትና ክንምሃር ከምንደልን የርእይ።

**ኣብነት ንጥፈታት**

- ብሓደ ኾንካ ጉዕዞ እግሪ ምግባር፡ ስፖርታዊ ንጥፈት ምኪያድ
- መግቢ ብሓባር ሰሪሕና ምምጋብ
- ዕዮገዛ ምስራሕ
- ንምምሕዳራዊ ንጥፈታት ሓገዝ ምርካብ

**ParMi ፓርሚ**

- ፓርሚ( ParMi) ከም « ፐርሚ( Ausweis) » ኣይኮነን፡ ወላ ሓንቲ ርክብውን የብሉን።
- ምስ ኦ ኣር ኤስ(ORS)፡ ካሪታስ(Caritas) ወይውን ሰም(SEM) ርክብ የብሉን፡ ርእሱ ዝኸኣለ ኢዩ።
- ነዞም ኣባልገታት ንነግሮም ነገራት ብምስጢር ይተሓዙ።

**ደረጃታት**

1. ፓርሚ ምስ መንእሰያትን ኣባልገ ክኾኑ ዝደልዩ ወዲ ተባዕታይን ጓል ኣንስተይቲን ዝግበር ሌላ ኢዩ።
2. ጽምዲ ምፍጣር
3. ፍልማይ ርክብ ምስ ኣባልገን ምስ ኣዋሃሂዲት መደብ ፓርሚ(ParMi) ይካየድ።
4. ኣብ መጀመርያ ንምፍታን ተባሂሉ 2-3 ርክባት ይካየድ
5. ነቲ መምርሒ ስምምዕ ወይ ኮንትራት ምፍራም፡ እዚ መስርሕ ከኣ ንሓደ ዓመት ይኸይድ።
6. ማእከላይ ገምጋም፡ ከመይ ከም ዝኸይድ ዘሎ ንምርኣይ ይካየድ።
7. መወዳእታ ዝካየድ ገምጋም። ኣብ መወዳእታ ናይ ኣባልግነት ወረቐት ይወሃብ።

**ሕግታት**

- ነንሓድሕና ንከባበር፡ ሃይማኖት፡ ኣመጋግባና ከምኡውን ባህልና ብዘየገድስ ክንከባበር ኣለና።
- እቶም ኣባልገታት ዝኸፈልዎ ገንዘብ የለን።
- ዕላምኡ ምስ ኣባልገ ወዲ ተባዕታይ ወይ ጓል ኣንስተይቲ ንኽንቅመጥ ኣይኮነን።
- ናይ ገንዘብ ምልውዋጥ የለን።
- ኩነታት ጹቡቕ እንተዘይከይዶም ወይውን ጹቡቕ እንተዘይተሰሚዑና ምስ ዝኾነ ሰብ ክንዛረበሉ ይግበኣና።
  - ግዴታ ኣይኮነን
  - ምስ ሓደ ኣባልገና እንተዘይተሰማሚዕና፡ ንዕኡ ገዲፍና ካልእ ኣባልገ ክንቅይር ንኽእል።

**ኣድራሻ**

- ኣዋሃህዲት መደብ Zélie Schneider
- ተሌፎን፡ ዋትስ ኣፕ 077 477 64 19
- ኣድራሻ Boulevard de Pérolles 42 → ኣብዚ ቦታ ምስ በጻሕኩም ደውሉ

ParMi
soutien jeunes migrant-e-s Fribourg

Patenschaft = ባልግነት
Vertrauensperson = እሙን ሰብ (ክንኣምኖ ንኽእል ሰብ ማለት ኢዩ።)
Die Patin= ኣባልገ ጓል ኣንስተይቲ
Der Parte =ኣባልገ ወዲ ተባዕታይ
Die Charta= ስምምዕ ወይ ኮንትራት( ኣብ ሓደ ነገር ክንገብር ከለና ንገብሮ ውዕል ማለት ኢዩ።)
Zwischenbilanz= ማእከላይ ገምጋም( ኣብ ሓደ ጉዳይ ከመይ ይኸይድ ኣሎ ንምርኣይ ዝግበር ገምጋም)
Schlussbilanz = ናይ መወዳእታ ገምጋም( ሓደ ጉዳይ መዛዘሚ ገምጋም ምግባር)